ቤት ፅሕፈት ቤት መዘጋጃ ከተማ ሓይቅ መስሓል ንከተማ ሓይቅ መስሓል ደ/ከ/ስ/ዕ/ፋ/ምም/ንብረትን ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኮምፒታር ፣ ፕሪንተር፣ ፎቶ ኮፒ፣ ላፕቶፕ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም መስከረም 10, 2012 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 22, 2012 4:30 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:20000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መስከረም 22, 2012 5:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ኮምፒተር ተዛመድቲ አቁሑትን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

1 በቲ ዘፈር ናይ 2012ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ፍቃድ ንግዲ ዘለዎ፤መለለይ ቁፅሪ ከፋላይ ግብሪ ዘለዎ፣ ተጫረቲ ኣብ መቕረባይነት ዝርዝር ዝተመዝገቡን ዘሐደስሉ መረዳእታ እውን ከቅርቡ ዝክእሉ፣

2 ተጫረቲ ንዘቕረብዎ ሰነድ ዋናን ቅዳሕን ሓደን ክልተን ኢሎም ከቅርቡ ኣለዎም፤

3 መከበሪ ጨረታ 20000.00 ሽሕ ቅርሺ ብሲፒኦ ከትሕዙ ይግባእ፤

4 ተጫረቲ ብናይ ባዕሎም መፅዓኒ፣ መራገፊ፣ መጓዓዝያ ናይ ከተማ ሓይቅ መስሓል ከቅርቡ ኣለዎም፤

5 ተጫረቲ በቲ ዝጫረትሉ ናይ ባዕሎም ፍቃድ ንግዲ ክህልዎም ይግባእ፤

6 ተጫረቲ ዘቅርብዎ ሰነድ ድማ ፊርምኦምን ማህተመሞን ከዕርፍሉ ይግባእ፣፣

7 ዘቅርብዎ ሰነድ ጨረታ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ክኸውን ኣለዎ፣፣

8 ብዝ/የ ምክንያት እቲ ጨረታ ከዛብዑ ዝፈተኑ ተጫረቲ እቲ ቤት ፅሕፈት ካብ ጨረታ ወፃኢ ገይሩ ዘትሓዞዎ መከበሪ ጨረታ ናብ ካዝና መንግስቲ ኣታዊ ብምግባር ንቀፃሊ ድማ ብመምርሒ ከይሳተፉ ይገብር፣፣

9 ተጫረቲ ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ይክፈት።

10 ተጫረቲ ድሕሪ ሳንዱቅ ጨረታ ምክፋቱ ኣይሳተፍን ምባል ኣይክእሉን፤ ከምኡ ንዝበለ ድማ ዘትሓዞ ትሕጃ ኣይምለሰሉን፤

11 ተጫረቲ ዘቕረብዎ ሰነድ ዋናን ቅዳሕን ነነበይኑ ዓሺጎም ዋናን ቅዳሕን ተባሂሉ ድማ ኣብ ዝባኑ ከፃሓፈሉ ይግባእ።

12 ሰነድ ጨረታ ዝሸየጠሉ ቦታ ቤት ፅሕፈት ደ/ከ/ስ/ዕ/ፋ/ምም/ንብረትን ቤት መዘጋጃ ከተማ ሓይቅ መስሓል ኮይኑ ዋጋ ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 100.00 ቅርሺ ይከውን።

13 ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ድማ ን60 መዓልታት እዩ።
14 ጨረታ ኣብ ኣየር ዝፀንሓሉ ግዜ እቲ ጨረታ ካብ ዝተጋወሐሉ 08/01/2012ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ 22/01/2012ዓ/ም ሰዓት

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

4፡00 ቅድሚ ቀትሪ ኮይኑ ሳንዱቅ ጨረታ ዝዕሸገሉ ድማ 22/01/2012ዓ/ም ሰዓት 4፡30 ኮይኑ ሰዓት 5፡00 ድማ ሳንዱቅ ጨረታ ይክፈት።

15 እቲ ቤት ፅሕፈት ካሊእ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

16 ተጫረቲ ሰዓርቲ ተባሂሎ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልታት ናብ ደ/ከ/ስ/ዕ/ፋ/ምም/ንብረትን ብናይ ባዕሎም መጓዓዝን መራገፈን የቅርብ እሞ ብበዓል ሞያ ተረጋጊፁ ድማ ንብረት ኣታዊ ይከውን።

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስ.ቁፅሪ 0972-168257ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle